Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge




TIGRINYA

**Covid-19 (ኮቪድ-19):**
**ኣገዳሲ ሓበሬታታት ንጉዳይ መመልከቲ ናይ ምቅራብ**
**ዘመልክት ን ሓተትቲ ዑቕባ**

**ኣብዚ ጨንፈር ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ፍልሰትን ስደትን ንእዋኑ ብኣካል ሕቶ ዑቕባ ምቅራብ ኣይከኣልን እዩ። ነዚ ብዘመልክት ከሳብ ካልእ ሓበሬታ ዝወጽእ፡ ሕቶ ዑቕባ  ብመንገዲ ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ትካል ፈለማ መቀበሊ ስደተኛታት ምቅራብ ይከኣል።**

**ሕቶ ዑቕባ ምቅራብ፡**

- ኣብ ሓደ ዞባዊ ትካል ፈለማ መቀበሊ ስደተኛታት ተመዝገቡ። ኣብኡ ከም ዝመጻእክምሉ መረጋገጺ ሰነድ ይወሃበኩም።
- ኣብ ናይ ፈለማ መቀበሊ ትካል፡ ሕቶ ዑቕባ ንኸተቅርቡ ዝምላእ ቅጥዒ (ፎርሙ) ይወሃበኩም። ነዚ ቅጥዒ (ፎርሙ) ትመልእዎ።
- ኣብ ፈለማ መቀበሊ ትካል፡ እቲ ናይ ዝመጻእክምሉ መረጋገጺ ሰነድ ፎቶ-ኮፒ ብምግባር ምስቲ ዝመላእክሞ መመልከቲ ናይ ዑቕባ ሕቶ ብምግባር ናብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ፍልሰትን ስደትን ይልኣኽ።
- ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ፍልሰትን ስደትን፡ መስርሕ ሕቶ ዑቕባ መዕለቢ ክሳብ ዝረክብ ዘገልግል ናይ መጽንሒ ፍቃድ ይህበኩም። በዚ መጽንሒ ፍቃድ ኣብ ጀርመን ክትጸንሑ ትኽእሉ። ኣብቲ ከባቢያዊ ምምሕዳር ንስኹም ዘለኹምሉ መቀበል ስደተኛታት ክትንቀሳቀሱ ከኣ ትኽእሉ።
- እቲ ናይ መጽንሒ ፍቃድ ኣብቲ ንስኹም ዘለኹምሉ መቀበሊ ስደተኛታት ብሓንሳብ ምስ ሓደ መረዳእታዊ ኣስተምህሮ ጽሑፍ ብዛዕባ መስርሕ ሕቶ ዑቕባ ብምግባር ይወሃበኩም።
- ነዚ ሰነዳት ከም ዝተቀበልኩሞ ብ ፊርማኹም ተረጋግጹ።
- ቆጸራ ምስ ዝወሃበኩም ጥራይ፡ እቲ ናይ መጽንሒ ፍቃድ ሰነድ ኣብቲ መዓልቲ ባዕልኹም ካብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ተምጽእዎ።

**ኣብዚ እዋን ኣብ መስርሕ ሕቶ ዑቕባ ብ ኣካል ቀሪባ ዝግበር ቃለ-መጠይቅ (ኢንተርቪው) ደው ኢሉ ኣሎ።**
እቲ ብኣካል ቀሪብካ ዝግበር ምስማዕ ውልቃዊ ናይ ስደት ምኽንያታት ከምኡ'ኸኣ ምስኡ ዝተኣሳሰር ምስላጥ ሕቶ ዑቕባ፡ ኣብ ክግበር ዘፍቅደሉ ኩነታት ክስዕብ እዩ።

ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ፍልሰትን ስደትን፡ እቲ ኣቅዲሙ ቀሪቡ ዘሎ ናይ ዑቕባ ሕቶታት ከሳልጥ እዩ። እቲ ናይ ውጽኢት መልስታት ብ ፖስታ ክሰደድ እዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**

- ብኽብረትኩም ኣብ ዘለኹምሉ ናይ ፈለማይ መቀበሊ ትካል ጽንሑ።
- ብዝሕ ዝበለ ምትእኽኻብ ሰባት ኣወግዱ።
- እኹል ንጽህና / ጽሬት ንኽሕሎ ጥንቃቐ ግበሩ።

**[https://handbookgermany.de/en/live/coronavirus.html](https://handbookgermany.de/en/live/coronavirus.html)**
www.bamf.de/inforefugee